## ኣብ እዋናዊን ኣንፈት ምዕባለን ኩነታት ትግራይ ኣመልኪቱ ብፕሬዚዳንት ጌታቸው ረዳ ብዝምራሕ ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ዝተወሃበ መግለፂ

ብፕሬዚዳንት ጌታቸው ረዳ ዝምራሕ ማእከላይ ኮሚቲ ህወሓት ካብ መጋቢት 19/2017 ዓም ክሳብ መጋቢት 20/2017 ዓም ኣብ ዘካየዶ ህፁፅ ኣኼባ እዋናዊ ኩነታት ትግራይ ብዕምቆት ድሕሪ ምግምጋም ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ንምትዕራይ ዘለዎ መማረፂ ሓሳብ ኣቕሪቡ ኣሎ።

ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣብ ገምጋሙ ብናይ ዱርን ሽፍታን ሕጊ ዝምርሑ ፍንጫል ጉጅለ ህወሓትን፣ ናይ ጥቕምን ስልጣንን መሻርኽቱ ዝኾኑ ንባዕሎም ልዕሊ ኮር ኢሎም ዝሰየሙ ላዕለዎት ወታሃደራዊ መኮንናት ትግራይን፣ ብዝፈጠርዎ ፅምዶ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ጊዚያዊ ምምሕዳርን ትግራይ ወታሃደራዊ መጥቃዕቲ ከምዝፈፀሙ ደምዲሙ ኣሎ።

ብብሄራዊ መረፃ ቦርድ ኢትዮጵያ ዝኾነ ዓይነት ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ከይገብር ዝተኸልከለ ፍንጫል ህወሓት ንዝነበረ ምምሕዳራት ብጉልበት ብምፍራስ ብቀጥታ ባዕሉ ዝመርሐን ኣብ ብርኪ ጣቢያ፣ ወረዳ፣ ከተማታትን ዞባታትንን ዘጣየሸን ምምሕዳራት ሕጋዊ ከምዘይኮናን በዘን ምምሕዳራት ዝውሰን ውሳነታታት ሕጋዊ ከምዘይኮነን ማእከላይ ኮሚቲ ህወሓት መርገፂ ወሲዱ ኣሎ።

ንዚ ፍንጫል ጉጅለ ናብ ስልጣን ንምምፃእ ንዝተገበረ ወታሃደራዊ ወፍሪ ምንም ዕጥቂ ከይዓጠቑ ብሰላማዊ መንገዲ ፊትንፊት ዝተጋፈጡ፣ ምእንቲ ዲሞክራሲን ልዕልነት ሕጊን ንጠበንጃ ብሓሳብ ንዝመከቱ ኣባላት ሓድሽ ወለዶ ትግራይ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ሓድሽ ምዕራፍ ከምዘብሰርኩም ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ብዓቢዪ ኣድናቖትን ተስፋን ተመልኪትዎ ኣሎ። ኣብዚ ከይዲ እዚ ብሽም ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብዝተተኮሰ ጥይት ኮነ ብኻልእ መሳርሒ ኣብ ዕላዊ ስቪላዊ ቃልሲ እናሃለው ብግፍዒ ንዝተቐተሉ ኣብ ማህደር ሰማእታት ሓርበኛታትና ከምኡ 'ውን ኣካሎም ንዝጎደሉን ንዝተሃሰዩን ኣብ ማህደር ህያዋን ሓርበኛታትና ኣስፈርና ዝግባእ ኩሉ ክብርን ካልእን ክረጋገፀሎም ናይ ምግባር ኣድላይነት ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣሚኑሉ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ መሰሎም ብሰላማዊ መንገዲ ከኽብሩ ናብ ኣደባባይ ዝወፁ ዜጋታት ብውሑዳት ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ዝተፈፀመ ባርባራዊ ግፍዒ እናኮነና እዚ ኩነታት ከስዕብ ዘኽእል መደብ ዝሓንፀፁ ፖለቲካዊ መራሕቲ፣ ንዚ መደብ ተቐቢሎም ዘዋፈሩ ወታደራዊ ኣዘዝቲ፣ ንዚ ባርባራዊ ጨፍጫፍ ብቐጥታ ዝመርሑን ዝፈፀሙን ኩሎም ተሓተቲ ከምዝኾኑ ማእከላይ ኮሚቲ ህወሓት ብኣፅንዖት ሪኢዎ ኣሎ።

ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣብ ገምጋሙ ኣባላት ካቢኔ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኮይኖም ምስ ሓደ ዘይሕጋዊ ፍንጫል ጉጅለ ብምውጋን ናይ ህዝብን መንግስትን ሃብቲ ካብ ዝተሓሰበሉ ህዝባዊን መንግስታዊን ዕላማ ወፃእ ኣብ ካሊእ ስራሕ የውዕልዎን የዋፍርዎን ከምዘለው ገምጊሙ። ብሰንኪ እዚ ኣብ ትግራይ ሕፅረት ነዳዲ ኣጋጢሙ ህዝብና ኣብ እዋን ዕፅዋ ናብ ዝነበረ ዝመስል

ፀገም ወዲቑ እዩ። መሬት ትግራይ እናተቸርቸረ ናይቲ ዘይሕጋዊ ፍንጫል ጉጅለ ካዝና መምልእን ኣደዳ ወረርትን ይኸውን ኣሎ። ፕሮጀክትታት ተቛሪፆምን ግልጋሎት ተዓጊፉን ናይ መንግስቲ፣ ማዘጋጃ ቤታትን ቤትፅሕፈት ማይ ግልጋሎታትን ኣታውታት ንናይዚ ፍንጫል ዘይሕጋዊ ጉጅለ መደባት መፈፀሚ ክውዕል ይግበርን ክግበር ይሕሰብን ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣብ ትግራይ ዝተጀመረ ውዕውዕ ሲቪካዊ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ጠቕሊልካ ንምጥፋእ ብናይ ፀጥታን ናይ ሰራዊት ድህንነትን ኣብ ልዕሊ ነጠፍቲ ማሕበራዊ ሚዲያ፣ መራሕቲ ሲቪክ ማሕበራት፣ ደገፍቲ ጊዚያዊ ምምሕዳር ዝብልዎም፣ ኣብ ህዝባዊ ምይይጣት ንዚ ዘይሕጋዊ ጉጅለን ንፖለቲካዊን ወታሃደራዊን መራሕቲ ዝነቐፉ ዜጋታትን ትካላትን፣ ፅዑቕ ክትትል ፀቕጢ ምፍርራሕን ዓፈናን ይበፅሖም ስለዘሎ፤ ንህይወቶም ውሕስና ስኢኖም ይፈርሑን ይሽቑረሩን ገሊኦም ከኣ ካብ ትግራይ ይወፁ ኣለው። ስራሕቲ ውደባን ኣሰራርሓን ኣወዳድባን ፓርትን መንግስትን ብዘይምትሕውዋስ ዘይሻራዊ መንግስታዊ ግልጋሎት ንምሃብን ዲሞክራሲ ንምዕሟቑን ተታሕዘ መደብ ዕንቅፋት ገጢምዎ ኣሎ።

ንክልተ ዓመት ኣብ ተነፃፃሪ ሰላም ዝነበረት ትግራይ ካብ ቀረባ እዋን ጀሚሩ እዞም ዕምዶ ፈጢሮም ዘለው ፖለቲካዊን ወታሃደራዊን ጉጅለታት ብዝወሰድዎ ዘይሕጋዊ ስጉምታት ወጥሪ ሰፊኑ፣ ሲቪላዊ ምንቅስቓስ ተቖርኒዩ፣ ናይ ሰራዊትን ጋዕገልጠምን ምንቅስቓስ ተዘውቲሩ ዝረአየሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ምስ መንግስቲ ሻዕብያ ተጀመረ ናይ ጎይታን ጊላን ዝምድና፣ ምስ ፋኖ ዘሎ ሸበድበድ፣ ምስ መንግስቲ ፌዴራል ዝፍጠር ዘሎ ምትፍናን ንትግራይ ሒዙላ ዝመፅእ ጣጣ ይትረፍ ብጎባጥ እንግዳዕ ብድልዱል እንግዳእ ክትሽከሞ ኣይትክእልን። ናይ ህዝቢ ትግራይ ተቓውሞታትን ምንቅስቓሰን ንምቁፅፃር ከተማታት ትግራይ ብሓይልታት ፀጥታ ተኸቢበን ይነብራ ኣለዋ። ኬላታት ተተኺሎም ካብን ናብን ትግራይ ዝግበር ሲቫላዊ ምንቅስቓስ ብሓይሊታት ፀጥታ ጥቡቕ ክትትልን ፈተሻን እናተገበረሉ ይርከብ።

ህዝብና ግን በዚ ኩሉ ግፍዕታት ኣይተምበርከኸን። የግዳስ ሓሪኑን ተቖጢዑን ኣሎ። ተቓውሞታቱን ቃልሱን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይቕፅል ይርከብ። መንእሰይና ሽንገላ ከየስድዖ ዓፈና ከየሰኮኖ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይቃለስ እኒሀ። ህዝቢ ከተማ ዓዲጉዶም ብግፍዒ ዝተጨፍጨፉ ሰማእታቱ ንምዝካርን ተሓተትቲ ተነፂሮም ናብ ሕጊ ክቐርቡን ሲቪክ እምቢታ ጀሚሩ እዩ። ከም ደብሪ ኣይናለም ዝመሳሰሉ ቀበሌታት መቐለ መሬትና ናይ ሽፋቱ ጁባ መምልኢ ኣይኾነን ኢሎም መሬት ክሽንሽኑ ንዝመፁ ኣባሪሮም መሬቶም ሓሊዮም ኣለው። ህዝቢ ጣብያታት ዞባ ደቡብ ምብራቕ፣ ዞባ፣ ወረዳታትን ጣብያታትን ዞባ ደቡብ ትግራይ ክሳብ ሕዚ ምምሕዳራቶም ኣየድፈሩን።

ጀጋኑ ኣባላት ሰራዊት ትግራይ፣ ሰራዊትና መዐፈኒ ህዝባዊ ምልዕዓልን ተቓውሞን ክከውን የብሉን፣ ናብ ሓወይ፣ ሓፍተይ፣ ኣደዋይን ኣቦዋይን ኣይንትኩስን ኢሎም ብምቅዋም ናብ ህዝቦም

ክትኩሱ ዝዋሃቦም ዝነበረ ትእዛዛት ብምንፃግ ክበፅሕ ዝነበረ ሓደጋ ኣዝዩ ክቕንስ ጌሮም እዮም። ሕዚ ከኣ ናይ ኩናት መሳርሒን ሰላማዊ ህዝባዊ ተቓውሞታት መፅፈኒን ከይንከውን ኢሎም እዞም ግፍዐኛታት ብቐረባ ናብ ዘየርክብሎም ገለል ዝበለ ቦታታት ብበዝሒ ይኸዱ ኣለው። ጉጅለ ፖለቲከኛታትን ወታሃደራትን ካብ ህዝብናን ሰራዊትናን ዝገጠሞ ተቓውሞ ኣዝዩ ኣደናጊፅዎ ኣሎ። ናይ ህዝብናን ሰራዊትናን እምቢታን ናይ ዕላማ ሓድነትን ምትእስሳርን ኣሰምድዎም ይርከብ። ንህዝብና ብሓይሊ ብረት ናይ ምዕፋንን ኩናት ናይ ምግባርን ተኽእሎታቶም ይምንጠሉ ከምዘለው ገና ሕጂ ክርድኦም ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ጊዚያዊ ምምሕዳር ዕማሙ ፍሒት ከየበለ ከሎ ናይ ክልተ ዓመት ፃንሒቱ ተወዲኡ ኣሎ። ጊዚያዊ ምምሕዳር ተዓራርዩ ዘይወደኦ ዕማማት ክፍፅም ክክእል ዳግመ ውደባ ክግበረሉ ይግባእ። እዚ ንክከውን ንቐደም እቲ ንጊዚያዊ ምምሕዳር ብሓይሊ እናፍረሰ ዝርከብ ዘሎ ጉጅለ እዚ ዘይሕጋዊ ተግባሩ ብዘይዋዓል ሕደር ደው ኣቢሉ ንባዕሉ ንዘተ ድልዊ ክገብር ንፅውዕ።

ብምኽፃል ማእከላይ ኮሚቲ ህወሓት ዳግመ ውዳበን ምትዕርራይን ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብዝምልከት ዘለዎ ሓሳብ ከምዝስዕብ ኣቕሪቡ ኣሎ ፦

- ጊዚያዊ ምምሕዳር ከመይ ይተዓራረ ኣብ ዝብል ዘለና ሓሳብ ንምቕራብ መበገሲና ኪዳን ፕሪቶርያ እዩ። ብመሰረት እዚ ናይ ሓደ ፓርቲ ልዕነት ዘይብሉ ንኩሎም ኣረኣኣያታት ዝውክሉ ፓርታት ትግራይ ብማዕረ ዘሳትፍ ሓቓፋይ ጊዚያዊ ምምሕዳር ብመሰረት ኪዳን ፕሪቶርያ ደጊምካ ክውደብ፣ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ምምሕዳራት ዞባታት ክተዓራረዩን ኣብ ከተማታታት፣ ወረዳታትን ጣብያታትን ቀበሌታትን ብህዝቢ ዝምረፁን ቁፅፅር ዝግበረሎምን ነፃነቶም ዝተሓለወ ኣካል ጊዚያዊ ምምሕዳር ዝኾኑ ምምሕዳራት ብህፁፅ ክጣየሹን ሓሳባትና ወዲብና ኣቕሪብና ኣለና።
- እዞም መፍትሒ ሓሳባት ዝሳኸዑ ምስ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ትግራይን ፈረምቲ ኪዳን ፕሪቶርያን ብሓባር ብዝግበር ፖለቲካዊ ዘተን ብዝብፃሕ ስምምዕን ይኸውን።
- ኣብ ትግራይ ሰላምን ምርግጋፅን ምፍጣር ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ጊዚያዊ ምምሕዳር ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ኣተዓራሪኻ ንምውዳብን ስርሑ ንምጅማርን ምችው ፖለቲካዊን ፀጥታዊን ባይታ ምፍጣር ዘይሕለፍ መሰረታዊ ቅድመ ኩነት እዩ። ብመሰረት እዚ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ኣቐዲሞም ናብ ዝተመደበሎም ካምፕታት ክኣትው ፣ ፖሊስ ሰራዊት ትግራይ ናይ ፀጥታን ምርግጋፅን ስራሕ ክሰርሕ፣ ህዝቢ ብንጥፈት ክሳተፍን ኩሎም ተዛተይቲ ወገናት ክስማዕምዑ ኣለዎም። ከምዚ ዓይነት ስምምዕ ካብ ዝተበፅሐሉ ጊዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዝተመቻቸወ ኩነታት ተፈጢሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ጊዚያዊ ምምሕዳር ክሳብ ቀበሌ ምትዕርራይ ይውዳእ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፣ ዝኸበርኩም ኣመራርሓን ኣባላትን ፖለቲካዊ ፓርትታት ትግራይ፣ ናይ ሲቪላዊ ማሕበራት መራሕቲ፣ ኣባላት ሓይልታት ትግራይ፣ ማሕበረሰብ ዲያስፖራ ትግራይ፣ ነጠፍቲ ማሕበራዊ ሚዲያ ፣ ናይ ኣውራ ሚዲያታት መራሕትን ጋዜጠኛታትን፣
ትግራይ ካብ ክትኣትዎ ተደጊሱላ ዘሎ ዝኸፍአ ደልሃመት ክነድሕና እንተኾይና ዘለትና ጊዜ ሕዝን ሕዝን ጥራሕ እያ። ኩሉ ኣፈላላያትና ኣወንዚፍና ቂማትን ቅርሕንትን ሓኺኽና ኣንነትን ባሓታይነትን ራሕሪሕና ትግራይ ኣብ ምድሓን ንረባረብ። ውድብ ህወሓት ዝመስሎን ዝኣመነሉን ሓሳብ ንምይይጥ ዘርጊሑ ኣሎ። ካብዚ ብዝበለፀ ንትግራይ ዘድሕን ሓሳብ እንትመፅእ ክሰምዕን ክቕበልን ድሉው እዩ። ኣንነት ትዕቢትን ባሓታይነትን ኣብዚ ዘለናሉ ደረጃ ኣብፂሐሙና ኣለው። ንሕና ከም ውድብ ናይዞም ሕማማት እዚኣቶም ተጠቃዕቲ ኮይና ዝፀናሕና እኳ እንተነበርና ሕዚ ግን ጉሒፍና ክንድርብዮም ጀሚርናስ ርሑቑ ተጓዒዝና ኣለና።

ዝኸበርኩም ኣመራርሓን ኣባላትን ህወሓት!
ውድብ ሓሚማ እያ ከዐርያ እየ እናበለ ብሽም ውድብና እናላገፀ ዝፀንሐ ፍንጫል ጉጅለ ህወሓት ውድብና ኣብ ቅድሚ ዓለም ክትዋረድ ጌሩ ኣሎ። ብሰንኪ ዕንደራ እዚ ጉጅለ ህዝብናን ውድብናን ሐቐን ከብድን ኮይኖም ኣለው። ንውድብና፣ ንመንግስትና ንሰራዊትናን ሓንሺሽዎም ኣሎ። ሕዚ ከኣ ንቲ እንኮ ህዝቢ ትግራይ ለኪሙ ክጠፍእ ኣብ ናይ መወዳእታ ደቒቕ ይርከብ። ኣይፋልካን ደው በል ንበሎ። ይኣክል!!! ካብ መንገዲ ጥፍኣት ተኣሊዩ ናብ ዘተ ክምለስ ተፅዕኖታት ነዕርፍ።

ዝኸበርኩም ኪዳን ፕሪቶርያ ዝኸተምኩምን ክኸተም ዝደገፍኩም ወገናት ኪዳን ፕሪቶርያ ገርጨውጨው እንዳበለ መፂኡ ሕዚ ብቀጠንቲን ዝመንመናን ገመዳት ተንጠልጢሉ ኣሎ። ኩነታት ኣብዚ ክበፅሕ ነናይ ባዕልና ብፅሒት ኣለና። ፈረምቲ ኪዳን ፕሪቶርያ ሳኣን ነኒባዕልና ምትእምማንን መን ሳዓረ ህልኸን ኣብዚ በፂሕና ኣለና። ብዛዕባ ህዝብን ሃገርን ደው ኢልና ንሓስበሉን ኣካይዳና ንእርመሉን ጊዜ ሕዝን ሕዝን ጥራሕ ስለዝኾነ ንጠቐመሉ። ኪዳን ፕሪቶርያ ክኸተም ሰናይ ድሌትን ሃናፂ ስጉምትን ዝወሰድካ ማሕበረሰብ ዓለም! ኪዳን ፕሪቶርያ ኣብ ምድሓን ሕዚ እውን ተራኻ ተፃወት።

ኣብ መወዳእታ "ብዝተተኮሰ ጥይት ኮነ ብኻልእ መሳርሒ ኣብ ዕላዊ ስቪላዊ ቃልሲ እናሃለው ብግፍዒ ንዝተቐተሉ ኣብ ማህደር ሰማእታት ሓርበኛታትና ከምኡ 'ውን ኣካሎም ንዝጎደሉን ንዝተሃሰዩን ኣብ ማህደር ህያዋን ሓርበኛታትና ኣስፊርና ዝግባእ ኩሉ ክብርን ካልእን ክረጋገፀሎም ክንገብር ኢና።"

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!!!
ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት
መጋቢት 23/2017 ዓ/ም.
መቐለ